
ትምህርቲ ልምዲ እንታይ እዩ? እተን 3 ቦታታትትምህርቲ



Berufsfachschule:	ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ
Lehrbetrieb:	ትካል ትምህርቲ ልምዲ
Überbetriebliches Kurszentrum:	ካብ ትካል ወጻኢ ማእከል ኮርስ
Schulische Bildung:	ቤት ትምህርታዊ ትምህርቲ
Betriebliche Bildung:	ትካላዊ ትምህርቲ
Grundlegende Fertigkeiten:	መሰረታዊ ኣሰራርሓ

መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ወይ ትምህርቲ ልምዲ ዝበሃል) ኣብ ስዊዘርላንድ ብዘለዉ መንእሰያት ዝዝውተር ትምህርቲ እዩ። እዚ ትምህርቲ ክልሰ ሓሳብን ተግባራዊን ዘጸናብር ትምህርቲ ሙያ እዩ፣ መፈጸምትኡ ድማ ኣብ ሙሉእ ስዊዘርላንድ ተቐባልነት ዘለዎን ክብ ዝበለ ግምት ዝወሃቦን እዩ። ኣስማት መፈጸምትኡ

- ድሕሪ 2 - ዓመት ትምህርቲ: EBA (ፈደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ)
- ድሕሪ 3 - ወይ 4 - ዓመት ትምህርቲ: EFZ (ፈደራላዊ ምስክር ወረቐት ብቕዓት)

ንምሳለ ናይ EFZ - ትምህርቲ እንተ ገበርኩም፣ ኣብ 3 ቦታታት ትምህርቲ ትመሃሩ :

1. ትካል ትምህርቲ ልምዲ (ትካል ንግዲ፣ ድኳን፣ ሆስፒታል፣ ትካል ህንጻ፣ ቤት ምግቢ፣ ጋራጅ መኪናን ብዙሓት ካልኦት ትካላትን)

ኣብቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ኣብቲ ዕለታዊ ስራሕ ንቡር ስራሕ ትሰርሑ፣ ኣብ መጀምርታ ቅልል ዝበለ ስራሕ ኢኹም ትሰርሑ፣ ምስ ጊዜ ግን እቲ ስራሕ እንዳበርትዔ ይኸይድ። ኣብቲ እዋን ብተግባር ነዚ ሙያ ኣድላዩ ዝኾነ ነገራት ትመሃሩ (ኣሳልጦ ስራሕ፣ መሳርያታትን ማሺናትን ምጥቃም፣ ንዓማዊል ኣገልግሎት ወ.ዘ.ተ.) ከምኡውን ኣብዚ እዋን በቶም መምሃራን ሙያኹምን ካልኦት ተኸናኸንቲ ውልቀሰባት (መሳርሕቲ, EFZ-ዝመሃሩ ኣብ ክብ ዝበለ ዓመት ትምህርቲ ዘለዉ) ፍሉይ ዝኾነ ናንዮትን መሰነይታን ይግበረልኩም።

ኣብ ሰሙን 3-4 መዓልታት ኣብቲ ትካል ትውዕሉ፣ ንምሳለ ሰኑይ ረቡዕን ዓርብን። እስኹም - ካብ መጀመርታ ጀሚርኩም ምስ እቲ እዋን እንዳበዝሔ ዝኾይድ - ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካል ኣብ ስራሕ ስለትሳተፉ፣ ናይ ተመሃራይ መሃያ ትቕበሉ። እዚ ትቕበልዎ መሃያ - ከከም ዓይነት ሙያን ዓመታት ትምህርትን - ዝተፈላለየ እዩ፣ ኣብ ወርሒ ካብ 400,- ክሳብ 1600,- ፍራንክን ኣብ ወርሒ እዩ። ኣብ ዓመት 5 ሰሙን ዕረፍቲ ናይ ምግባር መሰል ኣለኩም።

2. ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ

ተመሳሳላይ ምህርቲ ዘምርታ ወይ ድማ ተመሳሳላይ ዝኾነ ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት፣ ኣብ ስርሒን ትመሳሳላይ ዝኾነ ቴክኒክን ኣሰራርሓን እየን ዝጥቀማ። ዝኾነ ሙያ ብርክት ዝበለ መሰረታዊ ዝኾነ ተግባራዊ ኣሰራርሓ ይድልዮ እዩ። ነዚ ኣሰራርሓ ብጀካ ኣብ እቲ ትካል፣ ካብ ትካል ወጻኢ እውን ኣብ ኮርሳት ትመህርወን ኢኹም (üK)። ኣብዘን ኮርሳት ኣብ ዓመት ሓደ ሓደ እዋናት ወይ ድማ ብዝሓት መዓልታት ትሳተፉ፣ መብዛሕትኡ እዋናት ኣብተን ኣብ ከባቢኹም ዘለዋ ማእከላት ኮርስ ኢኹም ትሳተፉ፣ ነዚ ኮርስ እስኹም ገንዘብ ኣይትኸፍሉን ኢኹም።

3. ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ኣብ ሰሙን 1-2 መዓልታት (8 ክሳብ 15 ሰዓታት) ነቲ ትመሃርዎ ሙያ ዝምልከት ክልሰ ሓሳባዊ ፍልጠት ትቕስሙ ከምኡ ድማ ብተን መሰረታዊያን ዝኾነ ዓወደ ትምህርታት፣ከም እኒ ቋንቋን ሓፈሻዊ ትምህርታትን ፍልጠትኩም ተስፍሑ (ፖለቲካ፣ ፍልጠት ሃገር፣ ባህሊ፣ ቴክኒክ፣ ቁጠባ፣ ገንዘብን ስፔዛን፣ ርክብን ብሓባር ምንባርን፣ ኢንሹራንስን ካልኦትን)። እዚ ኣስተምህሮታት ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከባ ህንጻታት ቤት ትምህርቲ እዩ ዝካየድ ከምኡ ድማ ገንዘብ ኣይትኸፍሉን ኢኹም (ንምግቢ፣ ንዑደትን ካልኦት ጉዳያትን ገንዘብ ከተዋጽኡ ትኾኑ ኢኹም)።

ኣብ ልዕሊኡ ድማ ኣብተን ነዚ ጉዳይ ዝተቐረባ ፍሉያት ዝኾነ ክፍልታት ቤት ትምህርቲ (ቤት ዕዮ፣ ላቦራቶሪ፣ ኮምፑተር ክፍሊን ካልእን) ኣብዓውደ ትምህርቲ ትሳተፉ። ኣብዘን ኣብ ተግባራዊ ዘማእዘና ኣስተምህሮታት ነቲ ሙያ ዝምልከት ክፍሊ ትምህርቲ ትመሃሩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ዕዮ ገዛ ክትወሃቡ ኢኹም ከምኡ ድማ ኣብ እዋን ዕረፍትኹም ነቲ ትመሃርዎ ክትደግሙ ኣለኩም። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ነተን ፈተናታት ትቀራረቡ፣ ነዘን ፈተናትት ነጥቢ ይወሃብ እዩ፤ እዚ ነጥብታት ድማ ኣብቲ ናይ መፈጸምታ ምስክር ወረቐት ሙያ ይሰፍር እዩ።

ነዚ ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ብትኽክል ንምክትታል ጸገም ዘለዎ ወይ ድማ ኣብተን ፈተናታት ዘይብቐዕ ነጥብታት ዘምጽእ፣ ኣብቲ ቅልጡፍ ኮርስ ክካፈል ይኽእል እዩ።